ትግርኛ (Tigrinya)

**SpiKi – ምድላው ህጻንኩም ንቤት መዋእለ ህጻናትን ቤት-ትምህርትን**

SpiKi ብከተማ St.Gallen እዩ ተቐሪቡ፣ ኣብ ብኣጋኡ ዝመጽእ ኣበርክቶ ንኩሎም ንዓሸቱ ቆልዑ ዘለዎም ስድራታት እዩ ዝምልከት። ብSpiKi ቆልዑ ኣብ ከተማ St.Gallen ሓደ ዓመት ቅድሚ መዋእለ ህጻናት ሓንሳእ ወይ ክልተ ግዜ ኣብ ሰሙን ንሓደ ጉጅለ ጸወታ ኣብ ነፍስወከፍ ከባቢኦም ንክበጽሑ ኣማራጺ ክወሃቡ እዮም። እቲ ጉጅለ ጸወታ ንወለድን ውላድን እዩ ተቐሪቡ፣ ብእኡ ግዜ ቅድሚ መዋእለ-ህጻናት ንገሊኦም ኣገዳስቲ ስጉሚታት ምዕባለ ውላድ ክጥቐሙሉ ይኽእሉ።

**ወፈያ ንውላድ**

ኣብቲ ጉጅለ ጸወታ ክሳብ ዓሰርተ ቆልዑ ጸወታ፣ ጥበብ፣ ምድራፍ፣ ምንጋር ጽውጽዋያት ከምኡ'ውን ገለ ምፍታን ንክገብሩ እዮም ዝራኸቡ። ውላድኩም ኣብቲ ጉጅለ ጸወታ ብናይ ጸወታ ንጥፈታት ብቐጥታ ኣብ ምዕባለ ጸወታን ትምህርትን ባህርን እዩ ተሓጊዙ። ምስ ካልኦት ቆልዑ ክጻወት ከምኡ'ውን ርክብ ምስ መዘና ዕድመ ዘለዎም ክላመድ። ኣብ ወጻኢ ገዛ ወለዲ ቀዳሞት ተመኩሮታት ክገብር እዩ። ባዕዳዊ ቋንቋ ዝዛረቡ ቆልዑ ንቋንቋ ጀርመን ብዝሓሸ ክላለዩ እዮም።
እታ መራሒት ጉጅለ ጸወታ ንብዙሓት ቆልዑ ቀንዲ እትርከብ ተሓታቲት ሰብ ኣብ ወጻኢ ስድራ እያ። እቲኣተን መራሕቲ ጉጅለ ጸወታ ኣብ ትምህርተን ቀጻሊ ትምህርተን እዚ ተሓታትነት ዘለዎ ዕማም ንክሰርሓ ተዳልየን ኔረን።

**ወፈያታት ንወለዲ**

ኣብ ገሊኦም መዓልታት ቅድመ ቀትሪ፣ ድሕረ ቀትሪ ከምኡ'ውን ናይ ወለዲ ምሸታት ንስኻትኩም ወለዲ እንተላይ ብምውቐ ሰላምታ ተዓድምኩም ኢኹም። ኣብዚኦም ንጥፈታት ናይ ጸወታን ጥበብን ሓሳባት ክትወሃቡ ኢኹም፣ ብእኦም ሸዑ ንውላድኩም ከተበርክቱን ክትሕግዙን ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ ሕቶታት ወይ ሽግራት ብዛዕባ ኣርእስታት ከም ምዕባለ፣ ጥዕና፣ ኣተዓባብያ፣ ጸወታ፣ ምእላይ፣ ኣበርክቶ፣ ወዘተ ምስ ዝተፈላለዩ ኪኢላታት ክትዘራረቡ ኣማራጺ ኣለኩም።

**ምብጻሕ ጉጅለ ጸወታ ክንደይ ዋግኡ?**

ፍርቂ መዓልቲ ጸወታ ጉጅለ በብ 2 ሰዓታት ከከም ደምዳሚ ደሞዝ ወለዲ ኣብ መንጎ 4ን 12ን ፍራንከን እዩ ዋግኡ። ኣብ ገሊኦም ናይ ጸወታ ጉጅለታት ክፍሊት ምስ ክፍሊት ክራይ ክቅመር ይከኣል እዩ።

**Stadt St.Gallen**
**Gesellschaftsfragen**
Neugasse 3
CH-9004 St.Gallen
Telefon +41 71 224 56 69
www.gesellschaftsfragen.stadt.sg.ch